ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን
Catholic Eparchy of Keren
P.O.Box 460 Tel. 00291-1-401907
Fax 401604 e-mai: cek@tse.com.er
KEREN - ERITREA

Keren: 26 February 2007
Ref.No.CEK/BP/ 123/07

**ዝከበርኩም**
**ካህናት ኤጳርቅና ከረን**

---

ሰላም እግዚኣብሔር ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምሳካትኩም ይከወ እናበልኩ ኣብ ዕለታዊ ሓዋርያዊ ኣገልግሎትኩም ኣሳልጦ እምነየልኩም።

ብዕለት 18 የካቲት 2007 ኣብ ዝተገብረ ሓባራዊ ረኪበ ካህናት ሓድሓደ ኣተኵሮ ጥንቃቀን ከንገብረሎም ዘሎና ኣርእስትታት ኣልዒልና ኣብ ዝተዛረብናሉ፣ ነዘን ዝስዕባ ከም መምርሒ ክንተግብረን ኣድላዪ ኮይኑ ስለዝተራእየና ንልእከልኩም ኣሎና።

1. ቅዳሴ ሰንበት ብዝርኢ
   - ብመሰረት ቀኖና 881 ምእመናን ብሰናብቲ በዓላትን ቅዳሴ ክሰምዑን ቅ.ቍርባን ክቅበሉን ኣለዎም። ከማኡ ኣብ ስርዓተ ኣምልኮ ከይሳተፉ ዝክልክሎም ነገራት ከይገብሩ ይክልክል። በዚ መሰረት ካህናት ብሰናብቲ ኣብ ቍምስናኦም ክርከቡ ሓደራ ንብል።
2. ንዋየ ቅድሳት ብዝርኢ
   1. ብቍዕን ምዕሩግን ንኣኡ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ኰሳኩስቲ ምጥራይ፣
   2. ጻዕዳ መንዲል ንመስተናጽሒ ጽዋዕ ጥራሕ ክንጥቀም ይግባእ
   3. ሕብራዊ መንዲል ወይ ዓቀን መንዲል ብዘለዎ ሓደ ዝሕብሩ ኣሹጎማዊ ከኣ ንመወልወሊ ኢድ ክንጥቀም ይግባእ
   4. መትሓዚ ወይኒ ጠርሙዝ እንትሪፌ “ወይኒ ቅዳሴ” ዝብል ዝኮ ክልእ ጽሑፍ ወይ ስእሊ ዘይብሉ ክከውን ይግባእ
3. መንበረ ታቦት ብዝርኢ
   1. ብዘይካ መቃርዝን መስቀልን፣ ሓደ ዝሕብሩ መትሓዝ ዕንባባ ካልእ ነገር ኣይሀሉ
   2. ኣብ ትሕቲ መንበረ ታቦት ዝኮ ኣቅሓ ክቅመጥ ኣይግባእን፣ መንበረ ምሥዋዕ እምበር መክፀን ኣይኮነን፣
4. ምስርክር ወረቀት ጥምቀትን ካልእን ብዝርኢ
   - መንነት ሓታቲ ኣረጋጊጽካን መዝጊብካን ከምዝወሃብ ምግባር
   - ብከፀይ ከምዝተዋህቦም ኣብ መዝገብ ምምዝጋብ
5. ብዛዕባ መርዓ ፣ ብፍላይ ካብ ርሑቅ ንዝመጽኡ ሰብ መርዓ ፣ ኪዳን ዘእሰር ክሀን ቅድሚ ውዱእ ቈጸራ ምሓዝ ፣ነዚ ዝስዕብ ሰነዳት ኪርከብ ኣለዎ፣

ቅድሚ ሕጂ ከምዘይተመርዓወ/ት ዘረጋግጽ ሰነድ፣
- ካብ ቆመስ
- ካብ City Clerk ( especially from the USA / Canada)
- ምስክር ወረቀት ጥምቀት/ሜሮን/ መ/ቍርባን
- ግቡእ ትምህርቲ ቅድመ ኪዳን ከምዝተማህረ ዘረጋግጽ (ካብ ቆመሱ/ሳ) ከምጽኡ ይግባእ።

ኣምላኽ ኣብ ሓዋርያዊ ኣገልግሎትኩም ይባርኽኩም፣

ምስ ምስጋና

\+ ኣባ ኪዳነ የዕብዮ
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን